# ወረቐት ብዛዕባ ሓቕታት COVID-19
# ኩሎም እቶም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክታበት COVID-19 ብኸመይ ከም ዝሰርሑ ምርዳእ

ናይ ኮቪድ - 19 ክታበት ንደቂ ሰባት ነቲ ን ኮቪድ-19 ዘምጽእ SARS-CoV-2 ሕማም ከይሓዞም ተጻዋርነት ንከማዕብሉ ይሕግዞም። ኣብ ኣሜሪካ ኣብ ህጹጽ ጉዳይ ዝውዕሉ ሰለስተ ክታበታት ተፈቂዱ ከምኡዉን ንዝግበኦም ኦሃያውያን ተዳልዩ ኣሎ። እቶም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክታበት COVID-19 ክሳብ ክንደይ ልክዕ ይሰርሑ? እንታይ ምምስሳል ኣለዎም? ብምንታይ ከ ይፈላለዩ? ኩሎም ውሑሳትን ኣድማዕትን ዲዮም'ከ? ብዛዕባ ክታበት ክትፈልጥዎ ዘለኩም እዚ ዝስዕብ ኢዩ።

## ክታበታት ኮቪድ - 19: ህጹጻት ሓቕታት

| | ፒፋይዘር-ባዮንቴክ | ሞደርና | ጆንሰንን ጆንሰን (ጃንሰን) |
|---|---|---|---|
| *ዝተፈቕደሉ ዕለት* | ታሕሳስ 11፡ 2020 | ታሕሳስ 18፡ 2020 | ለካቲት 27፡ 2021 |
| *ዓይነታት ክታበት* | ተለኣኣኺ ኣር.ኤን.ኤይ. (RNA) (ኤም.ኣር.ኤን.ኤይ (mRNA)) | ተለኣኣኺ ኣር.ኤን.ኤይ. (RNA) (ኤም.ኣር.ኤን.ኤይ (mRNA)) | ቫይራል ቨክቶር |
| *ዓቐን* | ክልተ ዝዓቀኑ፡ ኣብ መንጎ 21 መዓልታት | ክልተ ዝዓቀኑ፡ ኣብ መንጎ 28 መዓልታት | ንጽል ዓቐን |
| *ዕድመታት* | 16ን ልዕሊኡን | 18ን ልዕሊኡን | 18ን ልዕሊኡን |
| *ናይ ኣድማዕነት ዳታ ናይ ክሊኒካዊ ፈተነታት* | ኣብ ምክልኻል ብላበራቶሪ ዝተረጋገጸ ናይ ኮቪድ - 19 ሕማም ኣብ ክልተ ዓቐን ፈዉሲ ዝወሰዱ ሰባት 95% ኣድማዒ ኢዩ። | ኣብ ምክልኻል ብላበራቶሪ ዝተረጋገጸ ናይ ኮቪድ - 19 ሕማም ኣብ ክልተ ዓቐን ፈዉሲ ዝወሰዱ ሰባት 94% ኣድማዒ ኢዩ። | ሙሉእ ሓለዋ ካብ ሕክምና ምእታውን ሞትን፥ 85% ኣብ ምክልኻል ከቢድ ኮቪድ - 19 ኣድማዒ፡ 72% ኣድማዒ ኣብ ዩ.ኤስ(U.S.) (ሓፈሻዊ 66%) ኣብ ምክልኻል ማካብ እከላይ ክሳብ ከቢድ ኮቪድ - 19። |
| *ጎናዊ ሳዕቤናት* | ምዉጋእ ቦታ ቃንዛ፥ ድኻም፥ ሕማም ርእሲ፥ ቃንዛ ጭዋዳ፥ ቃንዛ መላግቦ፥ ርስኒ። ድሕሪ ካልኣይ ዶዝ ወይ ዓቐን ጎናዊ ሳዕቤናት ዝያዳ ልሙድ እዩ። ከቢድ ናይ ኣለርጂ ግብረ-መልስታት (ኣናፊላክሲስ) ሳሕቲ ኢዮም። | ምዉጋእ ቃንዛ ቦታ፥ ድኻም፥ ሕማም ርእሲ፥ ቃንዛ ጭዋዳ፥ ቃንዛ መላግቦ፡ ረስኒ። ድሕሪ ካልኣይ ዶዝ ወይ ዓቐን ጎናዊ ሳዕቤናት ዝያዳ ልሙድ ከቢድ ናይ ኣለርጂ ግብረ-መልስታት (ኣናፊላክሲስ) ሳሕቲ ኢዮም። | ምዉጋእ ቃንዛ ቦታ፥ ሕማም ርእሲ፥ ድኻም፥ ቃንዛ መላግቦ። ዕግርግርን(ናይ ተምላስ ስምዒት) ረስኒን ብዙሕ ልሙዳት ኣይኮኑን። እቲ ክታበት ምስ ኣናፊላክሲስ ግብረመልስታት ኣይተዛመደን፣ |
| *ወረቓቕቲ ሓቅታት* | ፒፋይዘር-ባዮንቴክ EUA ወረቐት ናይ ክውንነት | ሞደርና EUA ወረቐት ክውንነት | ጃንስሰን EUA ወረቐት ክውንነት |

## ብኸመይ ኢዩ እዚ ክታበታት ኣብ ኦሃዮ ክዝርጋሕ?

ቀረብ ክታበት እናዋሓደ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ፥ ኽታበት ኮቪድ - 19 ዝቅበሉ ዉልቀሰባት ኣየናይ ኽታበት ክቅበሉ ይደልዩ ክንደየናይ ምርጫ ከይወሃቦም።

ኣብ ፍሉይ ቦታ ኽታበት ወይ ክሊኒካት ዝርከብ ክታበት ዉልቀሰብ ዝቕበሎ ክታበት ኢዩ። በቲ ቀዳማይ ዝዳሎ ኽታበት ምኽታብ ካብ ኮቪድ - 19 ኣብ ምክልኻል ይሕግዝ።

**ኩሎም እቶም ሰለስተ ናይ ኮቪድ - 19 ክታበታት ኣብ ምክልኻል ካብ ኮቪድ - 19 ዝምዘጽእ ከቢድ ሕማም፥ ሕክምና ምእታውን ከምኡ'ውን ሞት ዉሑሳትን ኣድማዕትን ምኻኖም ተረጋጊጾም ኢዮም።**

ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክታበታት
ክታበታት እቶም ዝበለጹ መከላኸሊ ኣንጻር ከቢድ ሕማማት ናይ ኮቭድ - 19 ኢዮም። ምእንቲ ኣካላትካ ኣብ መጻኢ ከመይ ገርዩ ነቲ ቫይረስ ከም ዝቃለሶ ክዝክር ክታበታት ናይ ምክልኻል መልሰ-ግብሪ ይፈጥሩ።

ዩናይትድ ስቴትስ ክታበታት ኮቪድ - 19 ብዝተፈላለየ መገዲ ይሰርሑ፥ ግና'ኸ ተጻዋርንርት ንምህናጽ ኩሎም ዘይጓዳእ ጽፍሒ ፕሮቲን ናይ'ቲ ንኮቪድ - 19 ዘስዕብ፥ ሳርስ-ኮቭ-2(SARS-oV-2) ቫይረስ፥ ምጥቃም የጠቓልሉ።

እቲ ጽፍሒ ፕሮቲናት( ወይ ግራጭ ፕሮቲናት) ነቲ ቫይረስ ናብቲ ዋህዮ ይሸጉሮ፥ እዚ ከኣ ነቲ ቫይረስ ናብቶም ዋህዮታት ንምእታው ክኽእል የፍቅድ። እዚ ግራጭ ፕሮቲን ባዕሉ ዘይጓዳእ ኢዩ፥ ከምኡ ዉን ንዕኡ ኣብ ክታበት ምጥቃም ብቀሊሉ ንነብስኻ ከመይ ገይሩ ነቲ ፕሮቲን ይዝክሮን፥ ከመይ ገይሩ ኣብ መጻኢ ነቲ ቫይረስ ይቃለሶን ይምህሮ።

**ተለኣኣኺ ኣር.ኤን.ኤይ. (RNA) (ኤም.ኣር.ኤን.ኤይ. (mRNA)) ክታበታት**

ተለኣኣኺ ኣር.ኤን.ኤይ. (RNA) (ኤም.ኣር.ኤን.ኤይ. (mRNA)) ክታበታት ፈትሊታት ናይ ጀነቲካዊ ወይ መበቆላዊ ጥረ-ነገር ይጥቀሙ እዚ ከኣ (ኤም.ኣር.ኤን.ኤይ. (mRNA) ዝብሃል ኮይኑ ኣብ ልዕሊ ሳርስ-ኮቭ-2(SARS-oV-2) ቫይረስ፥ ጥርዚ ወይ ግራጭ ፕሮቲን ንምስራሕ ጀነቲካዊ ኮድ ናብ ዋህዮታት ንምብጻሕ እዩ። ብናይ ኤም.ኣር.ኤን.ኤይ. (mRNA) ትእዛዛት ዝተሰርሑ ፕሮቲናት ነቲ ስርዓት ምክልኻል ነቲ ግራጭ ፕሮቲናት ከም ወራሪ ንምርኣይን፥ ንዑኡ ንምቅላስ ድማ ጸረ ኣካል ንምምዕባል እናመሃሩ የበራብርዎ። እቲ ኣካል ኣንጻር ናይ መጻኢ ልበዳ ብኸመይ ይከላኸል ይመሃር።

እዚ ናይ ኽታበት ተክኖሎጂ ወይ ምዕባለ ኣብ ክልቲኡ ፒፋይዘር-ባዮንቴክ ከምኡ'ውን ሞደርናንክታበታት ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ እዩ። ወላኳ ኤም.ኣር.ኤን.ኤይ. (mRNA) ኽታበታት ሓደሽቲ ተኾኑ፥ ተመራመርቲ ንንዓሰርተታት ዓመታት ዝኣክል ምስ ኤም.ኣር.ኤን.ኤይ. (mRNA) የጽንዑን ይሰርሑን ነይሮም። ንኣብነት ቅድሚ ሕጂ ውን ንናይ ኢንፍሉወንሳ፥ ዚካን፥ ራቢስ ወይ ቫይረስ ናይ ከልቢ ተጸኒዖም ኢዮም። ክንዮ ክታበታት፥ መጽናዕቲ ካንሰር ንስርዓት ምክልኻል ንምብጋስ ፍሉያት ዋህዮታት ናይ ካንሰር ዒላማ ንምግባር ኤም.ኣር.ኤን.ኤይ. (mRNA) ተጠቂሞም ኢዮም።

**ክታበታት ቫይራል ቨክቶር**

ሓደ ክታበታት ቫይራል ቨክቶር ቅዳሕ ናይ ጽፍሒ ግራጭ ፕሮቲን ንክሰርሑ ትእዛዝ ናብ ዋህዮታት ንምብጻሕ ዝተመሓየሸ ስርሓት ናይ ዝተፈልየ ቫይረስ ይጥቀም። ዘይንጡፍ ዘጓዳእ ቫይረስ፥ ንኣብነት ሓደ ጉንፋዕ ዘስዕብ፥ ግራጭ ፕሮቲን ንምስራሕ ትእዛዛት ከብጽሕ ከም ቨክቶር(ወይ መጓዓዓዚ ኣቅሓ) ይጠቅም። ሽዑ እዚ ስርዓት ምክልኻል እቲ ፕሮቲን ኣብኡ ከምዘይግባእ ይዝክርን ክብኣሶ ይጅምርን። እቲ ኣካል ኣንጻር ናይ መጻኢ ልበዳ ብኸመይ ይከላኸል ይመሃር።

እዚ ተክኖሎጂ ወይ ምዕባለ ኣብ ክልቲኡ ጆንሰንን ጆንሰንን(ጃንስሰን) ክታበት እዩ ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ። ተመራመርቲ ኣብ 1970ታት ቫይራል ቨክቶርስ ክፈጥሩ ጀሚሮም። ብጀካ ኣብ ክታበታት ምውዓሉ፥ ከም ኢንፍሉወንሳን ኣር.ኤስ.ቪ(RSV) ዚኣምሰሉ፥ ቫይራል ቨክቶርስ ን ፍወሰ ጂን፡ ንምሕካም ካንሰርን ንምርምር ሞለክዩላዊ ስነ ህይወት፥ ተጸኒዖም ኢዮም። ኣብ እዋን ለብዒ ናይ ኢቦላ ነዚ ተክኖሎጂ ወይ ምዕባለ ዝጥቀሙ ክታበታት ኣገልጊሎም ኢዮም።

ብኸመይ ክታበታት ዉሑሳት ኣድማዕን ክኾኑ ይዉሰኑ?

ዉሕስነት ናይ ኮቪድ - 19 ክታበታት ብማእከሎት ተቃጻጸርቲ ሕማምን ምክልኻልን (CDC) ከምኡ ውን ብ ዩ.ኤስ.(U.S) ብጥብቂ ቁጽጽር ይግበረሉ። ምምሕዳር መግብን መድሃኒትን ኤፍ.ዲ.ኤይ(FDA)።

እዚ ኤፍ.ዲ.ኤይ(FDA) ኣብ እዋን ናይ ህዝባዊ ጥዕና ኢመርጀንሲታት ከም ዓለማዊ ለብዒ ኮቪድ - 19 ሕክምናዊ ፍርያት ቀልጢፉ ከምዝርከብ ንምግባር ህጹጽ ፍቓድ ተጠቃምነት (EUA) ክህብ ይኽእል። ኩሉ ዝተረኽበ ዳታ ንምግምጋም እዚ ድማ እቲ ክታበት ዉሑስን ኣድማዕን ከምኡ'ውን ናይ ምጥቃሙ ረብሓታት ካብ ዝኾነ ተኽእሎ ሓደጋታት ዝዓቢ ምኻኑ ንምርግጋጽን እዚ ኤፍ.ዲ.ኤይ(FDA) ካብ ናጻ ሞያዉያን ሕክምና ጽኑዕ መልክዒን ዓሚቑ ኣስተብህሎን ይጥቀም። ድሕሪ ዉሳኔ ናይ ኤፍ.ዲ.ኤይ(FDA)፥ ከምኡ ድማ ሲ.ዲ.ሲ(CDC) ነቲ ተረኺቡ ዘሎ ዳታ ቅድሚ መወዳእታ ለበዋ ናይ ክታበት ምሃቡ ዳግም ይርእዮ። ናይ ክታበት ናይ ድሕነት መቆጻጸሪ ስርዓታት ሓንሳብ እቲ ክታበት ኣብ ጥቅሚ ምስ ወዓለ ክቅጽሉ ኢዮም።

**ምንጮታት፥**

- ፒፋይዘር-ባዮንቴክ ኮቪድ - 19 ክታበት EUA
- ሞደርና ኮቪድ - 19 ክታበት EUA
- ጆንሰንን ጆንሰን (ጃንስሰን) ክታበት EUA

ምርዳእ ኣድማዕነት ክታበት ኣብ ክሊኒካዊ ፈተነታት

መጠን ኣድማዕነት ናይ ኮቪድ - 19 ክታበታት ሰሚዕካ ትከዉን። ግን እዞም ቁጽርታት ብርግጽ እንታይ ማለት ኢዮም? ኣድማዕነት ክታበት ዝብሃል ኣብ ክሊኒካዊ ፈተነታት ብሙኺን ኣብ ኽታበት ዝተቀበሉ ጉጅለ ሰባት ምስ ክታበት ዘይተቀበሉ ናይ ቁጽጽር ጉጅለ ተሳትፈቲ ኣውዳዲርካ ምጉዳል ሕማም ብሚኢታዊት ኣድማዕነት ክታበት ይበሃል። ንኣብነት፥ 85% መጠን ኣድማዕነት ማለት ካብ ናይ ቁጽጽር ጉጅለ ተሳትፈቲ ብምውድዳር ዝተኸትቡ ሰባት 85% ዝተሓተ ሓደጋ ናይ ምምዕባል ከቢድ ሕማም ኮቪድ - 19 ኣለዎም።

ምዉድዳር መጠን ኣድማዕነት ኣብ ሰለስቲኡ ናይ ኮቪድ - 19 ክታበታት በዳሂ ኢዩ፡ እዚ ድማ ብምኽንያት ፍልልይ ናይ ንድፍታትን ጊዜን ናይ 3ይ መድረኽ ክሊኒካዊ ፈተነታት እዩ። እቶም ፈተነታት መርመራ ናይ ዝተፈላለዩ ዉጺኢታት ኢዮም ኔሮም፡ እቶም ክታበታት ንሓድሕዶም ኣይኮኑን ተመርሚሮም፥ ከምኡ ዉን ኩሎም ኣንጻር እዚ ሓድሽ ዝለዋወጥ ዓይነት ኣይተመርመሩን። እቲ ምዝዝን ካብ ቱፋሓት ናብ ቱፋሓት ኣይኮነን ነይሩ።

- እቲ ናይ ፒፋይዘርን ከምኡ'ውን ሞደርናን ፈተነታት ክልቲኦም እቲ ክታበት ዝኾነ ረኽሲ ኮቪድ - 19 ለበዳ ከልኪሎዶ ንምፍላጥ ተፈቲኖም።
- ጃንስሰን ፈተነታት ሕዋስ ናይ ኣዎንታዊ መርመራን ብውሑዱ ሓደ ምልክት ከም ዝግለጽ፥ ፈዉሲ ኽታበት ምሕላው ኣንጻር ማእከላይ ክሳብ ብርቱዕ ሕማም ኮቪድ - 19 ምክኣልን ዘይምኽኣልን ንምፍላጥ ተፈትኑ።
- ፒፋይዘርን ከማኡ'ውን ሞደርናን ኽታበታት ቅድሚ ሓደሽቲ ዝለዋወጡ ዝዓይነቶም ምቅልቃሎም ዳርጋ ኣብ ሓደ ጊዜ ኢዮም ኣብ ብሪጣንያ፥ ደቡብ ኣፍርቃን፥ ብራዚልን ተፈቲኖም። ክሳዕ ሕጂ መዓረ ክንደይ ኣንጻር እዘም ዝተለወጡ ቫይረሳት ጽቡቕ ኔሮም ይሰርሑ ርጉጽ ኣይኮነን፥ ዋላካ ዝቀደመ ምርምር እቲ ክታበት ምክልኻል ከም ዝህብ የርኢ። ጀይንጀይ(J&J) ክታበት ኣብ ዳሕራይ ግዜ እዩ ተፈቲኑ እዚ ድማ ዝለዋወጡ ዓይነት ክቅልቀሉ ምስ ጀመሩን፥ ከምኡውን ጠቕላላ መጠን ሓደጋ ምስ ለዓሉን እዩ።

እቲ ናይ መወዳእታ መእሰሪ ከኣ እዞም ኩሎም ሰለስቲኦም ክታበታት ኣንጻር ከቢድ ሕማም፥ እንኮላይ ሕክምና ምድቃስን ሞትን ይከላኸሉ እዮም።

*ኣብ ለካቲት 28፥ 2021 ተሰሪሑ።*

ንተወሳኺ ሓበሬታ፥ ነዚ ይብጽሑ፥ coronavirus.ohio.gov. ንመልስታት ናትኩም ናይ ኮቪድ - 19 ሕቶታት ደውሉ ኢኹም ኣብ 1-833-4- ሕተት-ODH (1-833-427-5634) ወይ ኣብ COVIDVACCINE@odh.ohio.gov. ኢመይል ግበር።ን

**ኣእምሮኣዊ ጥዕናኩም ልክዕ ከም ኣካላዊ ጥዕናኩም ኣገዳሲ እዩ። ንስኹም ወይ ከኣ ፈተውቲ ምስ ለበዳ ኮሮና ቫይረስ ዝተተሓሓዘ ጭንቀት እንተኣጋጢምኩም፣ ን 24 መዓልታት ኣብ ሰሙን ንሸውዓተ መዓልታት ኣብ ሰሙን ሓገዝ ይርከብ። ናብ ኮቪድ-19 ናይ ሓገዝ መስመር ኣብ 1-800-720-9616 ደውሉ**.